Refugee agencies help and advice

November 2008 Tigrignia

# ግዳይ ናይ ዓሌታዊ በደል ዲኹም?

ብሰንኪ ሕብርኹም፣ ዓሌትኩም፣ ብሄርኩም ወይ መበቆል ዓድኹም ምኽንያት ዝኾነ መጥቃዕቲ ወይ ምፍርራህ ወይ ዘለፋታት እንተወሪድኩም ኮይኑ፤ ግዳይ ናይ'ዚ ዓሌታዊ በደል ተግባር ኰንኩም ኣለኹም ማለት እዩ። ዓሌታዊ በደል ከቢድ ገበን ኮይኑ ብዝተፈለለየ መንገድታት ድማ ክፍጸም ይከኣል፤ ንኣብነት፥

| | |
|---|---|
| **ብቓል፥** | ዘጸይፉ ዘለፋታት፣ ርእይቶታት፣ ዋዛታት ወይድማ ምፍርራህ፤ |
| | ብናይ ጽያፍ ስም ምጽዋዕ ወይድማ ምርጋም፤ |
| **ምዕማጽ፥** | ዘጸይፍ ወይድማ ነውሪ ዝኾነ ነገራት ብተሌፎን ወይ ብደብዳበ ምግላጽ፤ |
| | ኣብ ቅድሚ ገዛኻ ወይድማ ኣብ ናይ ፖስታ ደብዳቤ ሳጹንካ ጎሓፍ ምድርባይ፤ |
| | ተደጋጋሚ ዝኾነ ድምጺ ምግባር፤ |
| **ኣካላዊ ዓመጽ፤** | ናይ ኣካል ጉድኣት ምውራድ ወይድማ ከምኡ ዝኣመሰለ ምፍርራሕ፤ |
| | ገዛኹም ወይ ንብረትኩም ምዕናው፣ ንኣብነት መሳኹቲ ወይ መዓጹ ምሕምሻሽ፤ |
| **ዓሌታዊ ምፍልላይ ዘርኢ** | |
| **አጸያፊ ጽሑፋት፥** | ብጽሑፍ ወይ ብስእሊ ዝቐርብ ዓመጽ። |

ዓሌታዊ በደል ዘይሕጋዊ ተግባር እዩ። ከምዚ ዓይነት ተግባራት ዝገብሩ ሰባት ኣብ ቤት ፍርዲ ክፍረዱ ይኽእሉ እዮም። ዝኾነ ሰብ ኣብ ገዛእ ርእሱ ወይ ኣብ ገዝኡ ወይውን ንብረቱ ካብ ዝወርድ በደል ከይወርዶ ከይተአከፈ ናይ ምንባር መሰል ኣለዎ። ስለዝኾነ ኣባላት ፖሊስ፣ ናይ ከባቢ ቤት ምኽሪ ከምእውን ቤት ትምህርትታት ንዓኹም ኮነ ንቤተሰብኩም ካብ ናይ ዓሌት በደል ክከላኸልልኩም ከምእውን ኣብቶም በደልቲ ስጉምቲ ክወስዱ ግዴታ ኣለዎም። ብምኽንያት ሕብሪ፣ ዓሌት፣ ብሄር ከምእውን መበቆል ዓዲ ካልኦት ሰባት ዘጥቅዑ ሰባት ካብ መንበሪ ኣባይቶም ክባረሩ፣ ገንዘብ ክቕጽዑ ወይድማ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክኣትዉ ይኽእሉ እዮም።

## እንታይ ክትገብር ትኽእል?

እንተደኣ ተጠቒዕኩም፡ ብቕልጡፍ ንፖሊስ ክትነግሩ ይግበኣኩም። ኣብ ቀረባኹም ናይ ዝርከብ መደበር ፖሊስ ክትከዱ ወይድማ ናብ 999 ብምድዋል — እቲ ዝወረደኩም መጥቃዕቲ ኣብ ዓሌታዊ ምፍልላይ ዝተሞርኮሰ ምዃኑ ይሓብሩ። ብዛዕባ እቲ ዝወረደኩም ጉዳይ ብቐጥታ ንፖሊስ ከተመልክቱ እንተደኣ ዘይደለኹም፡ ኣብ ክንዳኹም ኮይነን ንፖሊስ ክዛረባኦኩም ዝኽእላ ብዙሓት ማሕበራት ኣለዋ። ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ነገር ድማ ንዓኣቶም ብምስጢር ክትነግርዎም ትኽእሉ፤ ንሳቶም ድማ ብዘይ ናታትኩም ስምምዕ ዝኾነ ስጉምቲ ኣይወስዱን እዮም። እዞም ማሕበራት እዚኣቶም፡ ከምኒ ዋን ስቶፕ ኣገልግሎት (One Stop Service)፣ ናይ ዓሌት ማዕርነት ቤት ምኽሪ (Racial Equality Council)፣ ናይ ዜጋታት ቤት ምኽሪ ቢሮ (Citizens Advice Bureau)፣ ናይ ሕጊ ማእከል፣ ናይ ማሕበረሰብ ሰንተር ዝኣመሰሉ እዮም።

ብዛዕባ እቲ ዝተፈጸመ ኩነታት፡ ግዜ፣ ዕለት፣ ከምእውን እንታይ ከምዝተፈጸም ብትኽኽል ክትጽሕፍዎ ይግባእ። እዚ ድማ እንታይ ከምተፈጸመ ብትክክል ንብዝካር ይጠመካ፡ ከምእውን እቲ ዝሕግዘካ ሰብ እቲ ኩነታት ማዕሪ ክንደይ ዕቱብ ምዃኑ ይገልጸሎም እዮም።



Asylum Support Partnership is a partnership project hosted by the British Refugee Council
British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: 240-250 Ferndale Road, London SW9 8BB, United Kingdom

## ብኸመይ መንገዲ ክትሕገዙ ትኽእሉ?

ዓሌታዊ በደል ንምብዳህ ከምእውን ነቶም ግዳያት ንምሕጋዝ፡ እቲ ናይ ከባቢ ቤት ምኽርን ፖሊስን ክገብርዎ ዝግብኦም ግብራዊ ዝኾኑ ደረጃታት ኣለዉ። ከምዚ ዝስዕብ ነገራት ክገብሩ ይኽእሉ፥

- ነቲ ዓሌታዊ በደል ዝፈጸመ ግለሰብ ብምፍላጥ፤ ኣድላዪ ዝኾነ ስጉምቲ ምውሳድ፣
- እቲ ዋና ገዛ ተወሳኺ ናይ ደሕንነት ስጉምትታት ንኽወስድ ምትብባዕ፣
- ሓደ ቆልዓ እንተደኣ ተጎዲኡ ኰይኑ፡ ነቲ ናይ ትምህርቲ ሚኒስተር ወይድማ ቤት ትምህርቲ ምሕባር፣
- ተወሳኺ ድጋፍን ምኽርን ናብ ዝህባ ካልኦት ማሕበራት ምልኣኽ።

## ነቲ ንግዳያት ደገፍ (Victim Support) ዝህብ ምውካስ

ናይ ዓሌታዊ በደል ወይድማ ገጠመኻ ወሪዱኒ እዩ ኢልካ ትሓስብ እንተደኮንካ፡ ነቲ ንግዳያት ደገፍ ዝህብ ኣካል፡ ማለት ኣህጉራዊ ደገፍ ብናይ ወንጀል ግዳያት ክትውከሶ ትኽእል ኢኻ። እዚ ንግዳያት ደገፍ ዝህብ ኣካል፡ ስነእእምራዊ ድጋፍ፣ ሓበሬታ ከምእውን ተግባራዊ ዝኾኑ ካልኦት ሓገዛት ይህብ። ኣዳላዪ እንተደኣ ኰይኑ፡ ኣብ ክንዳኻ ብምኳን ንኻልኦት ማሕበራት፡ ከምእኒ ፖሊስን ናይ ኣባይቲ ክፍልን፡ ከዘራርቡ ይኽእሉ እዮም። ናብቲ ንግዳያት ደገፍ ዝህብ ኣካል ብስልኪ ቁጽሪ 0845 3030 900 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ቋንቋ እንግሊዘኛ እንተደኣ ዘይትኽእሉ ኰንኩም፡ ኣተርጓሚ ክዳለወልኩም ይኽእል እዩ። እትዛረብዎ ቋንቋ እንታይ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ስልኪ ቁጽርኹም ምስ እትገድፉ፡ ሓደ ኣማኻሪ ምስ ኣተርጓሚ ኮይኑ መሊሱ  ክድውለልኩም እዩ።

ዝኾነ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ማሕበራት፡ ምኽሪ ክህቡ ከምዝኽእሉ ዘክሩ። ዝርዝር ኣድራሻታቶም፡ ኣብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቤት ንባብ ከምእውን ናይ ስልኪ ቁጽሪ ማውጫ፡ ይርከብ።